**ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር**

إتحاد الحركة الإرترية لإنقاذ الوطن

## Eritrean Solidarity Movement for National Salvation

## ሕጂው'ን እቲ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ኲለንትናዊ ወራር ንኹንን፡

እቲ ካብ ዝጅመር ክልተ ወርሒ ጌሩ ዘሎ ኲናት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኣስዒብዎ ዘሎ ጸገማት ናይ ዓለምና ቀንዲ መዘረቢ ዛዕባ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ዘይሓላፍነታዊን ዘይሕጋውን ወራር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ፈጢርዎ ዘሎ ቅልውላው ንኢትዮጵያ ሓሊፉ ንኲሉ እቲ ዞባ ጸልይዎ ይርከብ። በዚ ካኣ ህዝቢ ኣደዳ ሞትን መቑሰልትን ካብ ምኳን ሓሊፉ ብብዝሒ ናብ ጎረቤት ሃገር ይሰግር ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ሓምሳ መዓልታት ልዕሊ ሓምሳ ሽሕ ትግራዋይ ንሱዳን ከምዝሰገረ እታ ነቶም ስደተኛታት ትቕበል ዘላ ሱዳን ትገልጽ ኣላ፡ ብዘይካ'ዚ ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜናውን ብጭቡጥ ኣረጋጊጸናኦ እየን። እዚ ከኣ ምስቲ ገና ቁጽሩ ዘይተፈልጠ፡ ብሰንኪ እቲ ኲናት ዝሃለቐ ህዝቢ ወሲኽካ ዓቢ ጽንተት ህዝቢ እዩ። ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር ነዚ እኩይ ተግባር ካብ ምኹናን ሓሊፉ ኣብ ጎኒ ውጹዕ ህዝቢ ትግራይ ኮይኑ ኲሉ ዝከኣሎ ዘበለ ኣበርክቶ ከበርክት ምኳኑ ዳግማይ የረጋግጽ።

ወራሪ ሰራዊት ብልጽግና፡ ምስቲ ንኤርትራን ህዝባን ንልዕሊ 28 ዓመታት ከብርስ ዝጸነሐ ቁንጮ ህግደፍ ተሻሪኹ፡ ተወሰኽቲ ናይ ግዳም ሓይልታት ዓዲሙ ኣብ ትግራይ ዘካይዶ ዘሎ ኢሰብኣዊ ኲናት ንመጻኢ ብቀሊሉ ክሓዊ ዘይክእል ኲለንትናዊ ሃስያ እዩ ዘውርድ ዘሎ። ንኲሉ መራኸቢታት፥ መስመር ማይ፥ ሓይሊ መብራህቲ፥ መጓዓዝያ፥ ተሌፎን፥ ኢንተርኔት፥ ተሌቪዥንን ራድዮን ዓጺኻ ህዝቢ ብዘይ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ሓበሬታን ዓፊንካ ናይ ጽንተት ገበን ምፍጻም ዓቢ ገበን እዩ።

መራሒ ፓርቲ ብልጽግና ከምቲ ዝብሎ ሕጊ ንምኽባር ዘይኮነ፡ ነቲ ብመሪር መስዋእቱ ንመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተጠቃሚ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ክኽውን ዕድል ዝኸፈተ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውዱቡን ህወሓትን ኣምበርኪኽካ ሕጊ ንምጉዕጻጽ እዩ። ነዚ እኩይ ተግባሩ ክዉን ንምግባር ነቶም ቅድም ኣብ ግዜ ደርጊ ተማሪኾም ብህወሓት ምሕረት ዝተገበረሎም ጀነራላት ጸዊዑ ነቲ ውግእ የካይዶ ኣሎ። እዚ ከኣ መቐጸልታ እቲ እኩይ ዕላማታት ናይቶም ዝሓለፉ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኮይኑ

ፍልይ ዘብሎ ግን ዝተፈላለዩ ናይ ደገ ጸላእቲ ዓዲምካ ንህዝቢ ትግራይ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምምብርካኽ ምፍታኑ እዩ። መርኣያ ናይዚ ኩሉ ፡ ህዝቢ ትግራይ ካብዚ ኩናት ወጽዩ ዳግም ብኢኮኖሚን ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ትካላትን ሰሲኑ ነቲ ዝጀመሮ ምዕባለ ከይቅጽል ኣብ ልዕሊ ናይ ቁጠባ ማእከላት፡ ህዝባውን መንግስታውን ትካላት፡ ናይ ሕክምናውን ትምህርታውን ተቋማት ብዘይ ንሕስያ ብነፈርቲን ተወንጨፍቲ ሮኬታትን ይድብድብ ኣሎ። ካብዚ ሓሊፉውን ምስቲ ብዘይካ ዕንወት ካልእ ተሞክሮ ዘይፈልጥ ቁንጮ ህግደፍ ተሻሪኹ ነቲ ክላዓል ዝከኣል ንብረት ንማእከል ኢትዮጵያን ንኤርትራን ይጓርቶ ኣሎ። ሕጅውን ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር ነዚ እኩይ ተግባር ብትሪ ይኹንን። ነቲ ኩሉ ዝግበር ዘሎ ዓመጽን ራስያን ስርዓት ህግደፍ እምበር ህዝቢ ኤርትራ ተሓታቲ ከምዘይኮነ'ውን ከስምረሉ ይደሊ።

ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ወራር፡ ስርዓት ህግደፍ ካብቲ ናይ ብልጽግና ሰራዊት ዘይውሕድ ተራ ይጻወት ኣሎ። እዚ ካኣ ብኣካል ንፈልጦን ዓለም'ውን ዝመስከሮን እዩ። ብርግጽ እቲ ዝበዝሕ ብግዲ ተዓስኪሩ ኣብ ዘይደልዮ ኩናት ንክኣቱ ተገዲዱ ዘሎ ሰራዊት ኤርትራ ግዳይ ናይዚ እኩይ ተግባር እዩ። እንተኾነ ነዚ ዘሎ ኩነታት ተጠቒሞም ቀንዲ መጋበርያ ናይቲ ስርዓት ኮይኖም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኮነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘይተኣደነ ግፍዕታት ዝፍጽሙ ዘለዉ ተራ ኣባላት ይኹኑ ሓለፍቲ ልክዕ ከምቲ ውልቀ መላኽን መሻርኽቱን ተሓተት'ቲ ምዃኖም ክፈልጡ ይግባእ።

ብካልእ መዳይ ክንሪኦ ከለና እዚ ኣብ ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ኩናት፡ ኣብ ልዕሊ ተጋሩን ካልኦት ኩሎም ኢትዮጵያውንን ዓቢ ናይ ህይወትን ንብረትን ሃስያ እዩ ዘውርድ ዘሎ። እቲ ሕጊ ረጊጹ ውልቀ መላኺ ኮይኑ ዘሎ ኣቢ ኣሕመድ ንውልቃዊ ዝናኡ ክብል ኣብ ዝገብሮ ዘይሕጋዊ ኩናት ደቂ'ቲ ውጹዕ ህዝቢ ኢትዮጵያ ይሃልቁ ስለዘለዉ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ንሰላም ብዕቱብ ከሰርሑሉ ይግባእ ንብል። ብተወሳኺ ማሕበረሰብ ዓለም ነዚ ጉዳይ ብዕቱብ ሪኡ ቅልጡፍ ፍታሕ ክናዲ ጻውዒትና ነቕርብ።

ወጽዓ ዘበግሶ ህዝባዊ ቃልሲ ኩሉ ግዜ ሰዓሪ እዩ። ህዝቢ ትግራይ'ውን ነዚ ዘሎ ኩነታት ሰጊሩ ብዓወት ከምዝውጽእ ዘለና እምንቶ ዝለዓለ እዩ።

ኤርትራን ኤርትራውነትን ንዘልኣለም ክነብሩ እዮም!!

ሓርነትና ናይ ግድን እዩ!!

ስምረት ምንቅስቃስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር

3 ጥሪ 2021